# ሎሚ'ኸ ህግደፋዊ ታይ ትጽበ
# ሃገር ኣጸልሚቱ ጸሓያ እናዕረበ

**08/01/2018 Norway**

ኣይስማዓኩሞን ዲ'ኹም ስቓያ ሕሰማ
ህዝባን መሬታን ሕምትልትል አቢሎማ
ጫማ ሓፋሽ ዝበልዋስ ባዕሎም ረጊጾማ
ሕሉፍ ሓሊፎምሲ ነዕራብ እኳ ሸይጦማ

ዓያሹ ድሕሪ ሸፋቱ ኣይትበሉ ጉያጉያ
ከይተረዳኣኩም ህልም ኣብ መጻወድያ
ንጥፍኣት መሪጽኩም ምስዞም ማፍያ
ንምሸቱ ጥብስ ህልም ናብ ዳስ ሓውያ
ንሓዋሩ ከምዘይትሪኡዋ ሀገረ ኤሪትረያ

ብጠላማት ህዝቢ ተኻሒፉ ብዘይ ዓስቢ
ተበታቲኑ ከም ሹም ዘይብሉ ንህቢ
ዓዱ ለቒቑ ተሰፋ ሲኢኑላ ዘጸቢ
ንሞት ተፈሪዱ ንጥሜት ንዓጽቢ
ታዩ'ኸ ኣበስኡ ታይ ዝገበረ ህዝቢ?

እቶም ዘይትርድኡ ኣራእስ ሓምሓም
ብተግባር ህግደፍ ዘስደመሞ ንዓለም
ተሸፊንኩም ዘሎ ናይ ህዝብና ጸገም
ሓኪም ተራኣዩ ከይህልዎኩም ሕማም

ጣቒዒት ይኣክል ንዓማጺ ንቀታሊ
ገለ'ኹም ብግርህነት ገለ'ኹም ብዕሊ
ነባሪ ዝመስለኩም ህግደፋዊ ሓይሊ
ረጊፉዩ ዘሎምስ ሓሪሩ ከም ቆጽሊ
ናብ ሓቂ ተመለሱ ናየቦ'ኹም ባህሊ
ዕኑዳት አይት'ኾኑ ከም አድገበ'ቕሊ

ፈንጥርጠር ተበሉ ክመስሉ ህለዋት
ተፈተ'ሽካዮም ጋህሲ ዝመልአ ሬሳታት
ጨፈራ ግደፉ ምስ ኣጽናቲ ስርዓት
ይኣክል ንበሎ ዘውረደልና ዘሎ መዓት

ኒሕ ግበሩ እናረአ'ኹም አይትጎልበቡ
ካብ ሕጂ ም'ኸሩ ንህዝብ'ኹም ሕሰቡ
ዘይተረአ ዲክታቶር ዝሓሊ ንህዝቡ

ሃገር ናበይ ተብል አላ እስከ ተዓዘቡ
ሽፍታ ወዳቒዩ ብከፉእ ከይትዓርቡ

እስከ ወረ ሃቡና ከምየላ ኤርትራ
ውቅብቲ ዝነበረት ጥዑም ዝኣየራ
አደ ድኻ ጸዋር ዋሃቢት እንጀራ
ወጅሃ ተደቢኑ መሽምሻ ጠቂራ
ክንዲ ትምህርቲ ናብ ወህኒ ተቐይራ

ሃገር ሓሪጆማ ህግደፍ ብዘይ ጨረታ
ኣብ ቀረባ ጸኒሓ ዓረብ ተጓዪያ ወሲዳታ
ብየመን ኣመኽንያ ከተማልእ ስርሓታ
ከተስፋሕፍሕ ናይ ሃይማኖት ስሪሒታ

ደቅሰብ ክትሸይጥ ባርነት ከተማዕብል
ኢሰያስ ዝዓደማ ካብ እትዋታ ክማቐል
ዓረብ ብዘይካ ምሕራድ ካልእ ዘይኽእል
ዕድል ተኸፊትሉ ብህዝብና ክሸካዕልል

ሚልዮናት ኣስኒቒ ንመራሕ ሽፋቱ ኢስያስ
ከፍቅደሎም ብዘይ ውዕል ብዘይ ዋሕስ
ከም ድላዮም ክዕንድሩ ናጻ ምንቅስቓስ
ዓረብ ብፋልሶ መጽሓፉ ህዘቢ ከባሳብስ
ካብ ዓረብን ህግደፍን የለን ጽሩይ ንፉስ

እንተለኹም ትብሉ ሃገር ጽቡቕ አላ
እዚሞ ላገጫዩ እናረአኻ አንቆልቁላ
ሮጎቲ ቀርበትኹም ናይ ህዝቢ ሓተላ
ምስ ሰብ ዘይቁጸሩ ባዓል ዛህላማህላ

ሲንጋፖር ክንገብራ እናሉ የዕንዮማ
ግርማኣ ገፊፎም ጭራ ዓለም ሰሪዖማ
ዝኣረገ ስኒ ኣመሲሎማ ዓቲኻ ጓህሚማ
ዓዲ ኣናህብ ዝነበረት ተቐይራ ንሃመማ

ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘበን ሓዲኡሎ